# ዓረና!

## ኣይከምኡን ምዕራይ

## ካብ ሥቡሕ

*መጋቢት ፲፫፥ ፳፻ ዓ/ም*

እዛ ሓፃር ጽሕፍቲ'ዚኣ ንኽብሪን ዝኽሪን ኣስማት ኵሎም ምእንቲ ፍትሒ፣ ምእንቲ ሰላም፣ ምእንቲ ራህዋ፣ ኒልምዓታዊ ዕቤትን፣ ቐሳነትን፣ ንዲሞክራሲያዊ ማዕርንታዊ ሐደነትን ኵሎም ሕዝቢታት ኢትዮጵያ፣ ክቡር ሕይወቶምን ኣካላቶምን ዝተበጀዉ ሰማዕታት፣ ንቶም ጀጋኑ ተጋደልቲ ደቂ ህዝቢ፣ ደቂ ህወሓት ትኹን። በእንተ ዝኽረ ሥዉኣት'ያ ተጻሒፉ'ሞ፣ ክቡራት ሰማዕቲ/መንበብቲ ንኦምን ንሕዝባዊ ዕላማኦምን እናዘከርኩም፣ ከተንብቡዋ ብትሕትና እላበወኩም።

ቅድሚ ኵሉን ልዕሊ ኩሉን፣ *ሓደነት ሕዝቢ ምሕላ'ውን ረብሓ ሕዝቢ ምቕዳምን እቲ ቀንዲ ክርሳዕ ዘይግብኦ ሓቢሩ ዝኸይድ፥* ***መለክዒ*** *ሓደ ውሕሉል ቃልሲን መለለዪ* ***መልክዕ*** *ኵሎም ሕዝባውያን ተቓለስቲን እዩ።* እዚ ኵላትና ዘይንስሕቶ ሓቂን እምነትን እዩ። ብዚ ሕዝባዊ ዕላማን መሠረታዊ እምነትን'ዚ ብዙሓት ጀጋኑ ደቂ ሕዝቢ ተሰዊኦም እዮም።

እወ! ሩቫ ስንጥሮ፣

ክርሰ-ምድሪ ትግራይ ዝፆሮ፤

ብዙኅ ታሪኽ ኣሎ እንዝክሮ።

ቀንዲ መልእኽተይ፦ ንዚ ናይሓፋሽ ታጋድሎን ታርኽን ደምሲስኩም ብናይ ባዕልኹም ምልኪን ውልቀ ልዕልነትን ክትትክኡዎ ትምኵሩን ብስም ዓረና ውጥም ቅልቅል ትብሉን ሰባት ኣይትጋገዩ፤ ኣይፋልኩምን ነውሪ'ዩ፥ ነውሪ'ዩ ኣይትነውሩ ንምባል'ዩ። እወ! ትጋገዩ ኢኹም ዘለኹም። እወ! ክተዳኽሙና፥ ክትጕዛዝዩና፥ ክትገማምዩና፥ ክትኸፋፍሉና፥ ክተፍርሱና፥ ምስሓቕ ክትገብሩና ኢኹም ላሕ እትብሉ ዘለኹም። ኣድላዪነት ምሥረታ ፓርቲ'ማ ምስ ሕዝቢ መኺርካን ዘቲኻን ንሓደ <u>ንፁር ብሒራዊን ሃገራዊን ዕላማ</u>፣ ንረብሓ ሕዝቢን ዝግበር ድኣምበር ብውሑዳት ወይ ብውልቀ ሰባት ክኸውን ኣይግብኦን። ዘዚኾረየን ዝተኾለፈን ኵሉ እናወፀ ፓርቲ ክምስርት፣ ክኸፋፍለኩም'የ እናበለ ዘፋራርሐና እንተኾይኑ፣ ዓቢዩ ፀገም እዩ። ምኽሪ ሓውካ ብደውካ፤ ዋዛ ዝመስል ቁም-ነገር ንሓውካ ይንገር፤ ሽው ኣብላ፥ ቀው ኣብላ እዩ'ሞ ንቲ ሕዝብና ዝኸፈሎን ዝኸፍሎ ዘሎን ከቢድ መሥዋዕቲ፣ ሕሰብሉ'ስቲ። እዚ ቀስ፣ ህድእ በሉ፥ ኣይትሓንግዱ፤ ንምዕራይ ኣይከማኡን መገዱ፤ መውጽኢ የብሉን ብኡ ኣይትኺዱ፤ ሕሰቡሉ፣ ዝብል መልእኽቲ እዩ።

"ሰማዒት'ያ እዝኒ'ስ ምሓዛ ቀዳሞት" እዩ'ሞ ካብ ወለደይ ብዝሰማዕኹዎ ቁም-ነገራዊ መባእታ ክቕጽል፦ "*መልክዕ ድኣ ይሃበኒ'ምበር፣ ውሕልነትስ ካብ ጕረቤት እምሃሮ*" በለት ለባም ጓል ለባማት ዝብሃል ሓቂ'ዩ። ሓደ ብጣዕሚ ብመልክዕ ዘይተዓደለ፥ ዘይኽእላ ዝጠፍጠፍኦ ዕትሮ

ዝመስል፥ ድንኪ ጊናይ መንእሰይ ነበረ ይብሃል። እዚ መንእሰይ'ዚ ብሰንኪ ሕማቕ መልክዑ ኣዋልድ ተሓሲመንኦ ኣብ ከባቢኡ እትሕፀዮ ጓል ሰኣነ። ስለ'ዚ ኣብ ዘይፍልጥዎ፥ ርሑቕ ዓዲ፣ መማፅኢ ዘይመልክዑ መልክዕ ሂቡ፥ ብሓሶት ቀባቢኡ፥ ምስ ኣተዓራረየሉ፥ ተሓፀየ ይብሃል። ክሳብ ዕለት መርዓ ዝበፅሕ ክኣ ሰባት ከይሪኢዎ፥ ብፍላይ ሕጺቱ ከይትረኽቦ፥ ተሓቢኡ ይቕመጥ ነበረ።

ብፍላይ ኣብቶም ዝሓለፉ ሥርዓታት ጓል-ነስተይቲ ዘይትረኽቦ ጉድ የነበረን። ዕለት መርዓ በፂሑ፥ እንዳ-ወዲ ከምዝሃቦም፣ እቲ ዓይኒ የብሉ፥ ስኒ የብሉ፤ ዓይኑ ጥፉእ፥ ኣፍንጭኡ ልምፁዕ፤ ቊመቱ ሓፂር፥ ድንኪ ክሳድ ዓተር፣ ቅንፊዝ ዝመስል፤ መትሓዚን መጨበጢን ዘይብሉ መርዓዊ ሒዞም ወራድ መርዓ ወረዱ። ኣይተ መርዓዊ ክኣ ፀገሙ ፈሊጡ ኣብ መንጎ እቶም መልክዐኛታትን ነዋሕቲን ኣዕርኽቱ ተሸጉጡ ውሪሕሪሕ እናበለ ኮፍ በለ። ኣብ መወዳእታ፣ ኣቦ-ወዲ ከም'ቲ ንቡር፣ ዋሕስ ቆጺርና ክንወስዳ፥ ዕሰል'የ ክንብል፥ ጓልና ክነውጽእ ፍቓዱልና ብዝበሎ መሠረት፣ ዕሰል'የ ሆ ዕሰል'የ ዕሰል'የ ተጀመረ። ተሓቢኡ ንዝንተ ዓለም ዝነብር የለን፤ ኣይተ መርዓዊ መርዓቱ ከውጽእ ካብ-ተሸጎጠሉ ወጸ፥ ተቐልዐ። *"ተሸፈንካ'ያ ዘይትሸፈን፥ ሓቀኛ ቕያ፤ ተተሓብአት'ውን ተቐላዒት'ያ"* ዝብል ሓቂ ተኸሲሉ ወፀ። መርዓት ከውፅኡ ከለዉ እቶም ናይ'ዳ ወዲ ወራድ መርዓ፣ ዓርከ-መርዓዊ *"ዕሰል'የ ሆ ዕሰል'የ ዕሰል'የ ዕሰል'የ ላሎ ሜዳ ዕሰል"* ይብሉ። ብቲ እንዳ ጓል ወገን ዘለዉ ጐርዞታትን ኣጓብዝን ክኣ ብወገኖንም፡- *"ዕሰል'የ ሆ ዕሰል'የ ዕሰል'የ እዚ ሒዝካ'ዶ ናብ ሰብ ይሕውሰል'የ"* በሉ ይብሃል።

መሲልካ እንታይ ኣምፃእካ? ትብሉ ትኾኑ። እወ! እዚ ምሳልያዊ ኣዘራርባ'ዚ ናብቲ ቀንዲ ዕላማ ተኮር ርእሲ'ዩ ዝመልሰና። ቀዳሞት ወለድና፣ ዓረና ዝበሉ፥ "ንሕበር፥ ንሥመር፤ …ሓቢርና ሠሚርና ከምሓደ ሰብ ኮይና ንልዓል፥ ፀላኢ ከይኣትወና፥ ንሓሉ ገረብና፤ ንሓሉ ዓድና" ድኣ'ዮም ዝበሉ እምበር፣ ብዝጠቅምን ዘይጠቅምን ንዑ ንበኣስ፥ መስሓቒ መሳሕቕቲ፣ መጓዝኒ ፈተውቲ፣ መሐጐሲ ፀላዕቲ ንኹን፥ ንፋላለ ኣይበሉን። ካብ ዓረና፣ ካብ ቀዳማይ ወያነ ብዙኅ እንምሃሮ ተመኲሮን ቁም-ነገርን ኣሎ። ብቐንዱ ሳዕቤን ፍልይይ ኣብ ቀዳማይ ወያነ ርኢናዮ ኢና። እወ! ፀላእቲ ሕዝቢ ትግራይ ንሕዝቢ ትግራይ ፈላሊዮም፣ ነኒባዕሉ ኣናቖሮም፣ ንቐዳማይ ወያነ ኣዳኪሞምዎ፤ ሕዝቢ ትግራይ ዳግም ምእንታን እምቢ ኣይግዛእን ከይብሎም፣ ምእንታን ከይዕምፅ፣ ማኅበራዊ ውንኡ ስሒቱ ቀልበ-ኣልባቡ ክሳብ ዝጠፍእ፣ ሕዝቢ ብማንነቱ ክሓፍር፣ ቋንቋኡን ባህሉን ክናሾ፣ ንሰ-ንሳቱ ክናኽስ፣ ሓደነቱ ክልሕልሕ ገይሮምዎ እዮም። ልዕሊ ኲሉ ኣብ ቍጠባዊ ዓቕሚ ሕይወቱ ሓፍ-ዘይብል ከቢድ ብሔራዊ ወፅዓን ጸቕጢን ኣብጺሖሙሉ እዮም።

እወ! ዋላ'ኳ ኣፈላላይ እንተሃለወ፣ ብቲ ክሳብ ሎሚ ተዓቂቡ ዝፀንሐ ባህሊ ክቡራት ወለድና፣ "ሣግላ ብላዕ'ሞ፣ ኣይትቕላዕ" ብዝብል ትዕግሥቲን ምስትውዓልን እናተመዓዓድካ፥ እናተኣራረምካ፥ ሓቢርካን ተፃዊርካን ምሥራሕ'ዩ ዝግባእ ነይሩ። ካብዚ ዝበልፅ መልክዕ ክኣ የለን።

እወ! ዓረና፡- መግለፂ ዝኽሪ ታሪኻዊ ጅግንነት ወለድና፤ ዓረና፡- መግለፂ መሪር ብሔራዊ ወፅዓና፤ ዓረና፡- ምልክት ሓድነትና፤ ዓረና፡- ውበት ውቁብ መልክዕና፤ ዓረና፡- መሪሕ ቃል ኪዳን ቀዳማይ ወያነና፤ ዓረና፡- ስረ ወለድና፤ ዓረና፡- መባእታ ዓወት ዳግማይ ወያነና እዩ። ትርጉም ዓረና እዚ'ዩ፤ ካብ'ዚ ወጻኢ ሓደነት ሕዝቢ ብዝሸርሸር መልክዑ፣ በስመ ዓረና ዝግበር ነገር ጌጋ እዩ፤ "ምዕራይ" ኣይከምኡን፤ እወ! ሓደነት ዓንዲ-ሑቕ ህዝቢ ኢኹም ትገምዩ ዘለኹም እሞ ተጋጊኹም ኢኹም።

ኣቦታትና እንትምስሉ፡- "ብሰንኪ ንቑፅ ይነድድ ርሑስ" ይብሉ። እሞ፣ ሀዚ'ውን ኣብ ዋኒኖምን ኣብ ምእላይ ግሊ ሕይወቶምን ዝውዕሉ ዘለዉ ሰባት፣ ከምኡ'ውን እቶም ብምትእርራም፡- ብሕፅበት ማይ ተሓድሶ ዝመፅእ ፅርየት ዝእመኑን ዝኣምኑን ደቂ ህዝቢ፣ እቶም ናይ ባዕሎምን ናይ ውድቦምን ጌጋታት ዝኣረሙን ዝእረሙን ጀጋኑ ድኣ ብሰንኪ ኣቱም በስመ ዓረና ክትሸቅጡ ላዕሊን ታሕቲን እትብሉ ዘለኹም ሰባት ከይልከሙ እምበር ጌጋኹም'ስ ብዙኅ'ዩ። እወ! ኵሉ እዋኑ ሓልዩ ክወፅእ እንድዩ፣ ሽኮላ ኣየድልን። ናትኩም ነገር'ማ "ዕሰል'የ ሆ ዕሰል'የ ዕሰል'የ እዚ ሒዝካ'ዶ ናብ ሰብ ይሕውሰል" ዝብል ነገር'ዩ። ዘይእረም፣ ዘይዕረ ብህርያት ሒዝኩም'ስ ዓረና ክኣ ክትብሉ? ዘይትሓፍሩ! "ዘይሓፍራ'ያ ሞይተን'ሞ ኣቃብሩና" ዝብሃል'ስ ለካ ከምዚ እንትርከብ እዩ።

፩ይ. ኣብ ዕሽል ዕድመን ሸዊት ንእስነትኩምን ጀሚርኩም መስዋዕቲ ዝኸፍልኩምሉ ዕዉት ውዳበ፣ ካብ'ቲ ዘዕበየኩምን ዘዕበይኹምዎን ሕቑፊ ውድብኩም፣ ካብ ህወሓት ብዘይጠቅም ህልኽን ቂም-በቐልን መድረኽ ረጊፅኩም ምውፃእኹም ንባዕሉ ጌጋ ጌርኩም። ክብሩኹምን መልክዕኩምን ስኣን ቑርብ ትዕግሥቲ ጋዕዝዩን ተበላሽዩን። ምኽንያቱ'ውን ሽዑ ይኹን ሎሚ ክትገልፁዎ እትኽእሉ፥ ካብ ህወሓት ንኽትንፀሉ ዘብቅዕ፥ ዋላ ክንዲ ፍረ-ጣፍ ዝኸውን መትከላዊ እምነት ወይ ፍልስፍና የብልኩምን። መምርሒ ዓረና ኢልኩም ዘውጻእኹምዎ ጽሑፍ'ውን ኣንቢብናዮ። ነገር ግን ጨጨፍና ኣብ ውሽጡ ፍረ-ነገር ወይከ፤ ምንም እንዶ ኣይረኸብናሉን፤ ውሽጡ ባዶ እዩ።

ብፍላይ ብፍላይ'ኳ ኣንትን ወ/ሮ ኣረጋሽ ሓፍትና፣ ኣንቱም ኣይተ ገብሩ'ባ፣ እንታ'ዩ ነገሩ? ሥራሕ ቆልዑ! ሥርሕ ከሪምኩም'ስ ኣብ መወዳእታ ክተፍርሱዎ? ንቲ ተቓሊስኩም ሕዝቢ ዘቃለስኩሙሉ ውድብ፣ ንቲ ኣማኢት ኣሺሓት ምልምላት ቀያሕትን ፀለምቲን ደቂ ሕዝቢ-ሕዝቢ ዝተሠውኡሉ ወያናይ ዲሞክራሲያዊ ሥርዓትን ንእኡ ዝወለደ ሕዝባዊ ውድብ ህወሓትን'ስ ሕዝቢ ፀሊኡዎ ክትብሉና? ንስኻትኩም መራሕቲ ኮይንኩም፥ ኣጆኺ ብፃይ ተወርወር ህጁም እቶ፥ ኣጆኹ ብፂት ተወርወሪ ሃጅሚ እናበልኩም፥ ፈቖዶ ሩባን ሽንጥሮን ዘሠዋዕኹምዎም ወገናትና፣ ናይቶም ጀጋኑ ደቂ-ህዝቢ ኣዕፅምቲ እሾኽ ኮይኑ ከይወግኣኩም'ስ ኣይተፈርሑን? ኣይስከፈኩምን'ዶ? ዝገርም ነገር'ዩ! እዚ ሕድሮም ጠሊምኩም ኣብ ልዕሊ መቓብር ሥዉኣት ብዖትኩም ከምዝዓንደርኩም፣ ከምዝረገፅኩምዎም፣ ከምዝኸሓድኩምዎም፣ ከምዝረሳዕኹምዎም እዩ ዝሕብር። ኣብቲ ወድብ ይኹን እብቲ መንግሥቲ ኣብ ኣሠራርሓን ኣተዓምማን ጌጋታት ኣለዉዎ በሉና ክንኣምነኩም።

ነገር ግን ንሱ'ውን እንተኾነ፣ ንኣካትኩም'ውን ዝሓውስ ስለዝኾነ ኮፍ ኢልኩም ዘቲኹምን ተኻቲዕኹምን ኣርሙዎ ኢና ክንብለኩም። ብኸመይ ንዕመሞ? በበይከ ሥራሕ ንጀምር? ብዝብል ጕይቑ ሥራሕ ክበኵር ገይጋ እዩ። ንስኻትኩም'ውን ተሓታቶ ኢኹም ማለት እዩ። ዝሠርሕ ሰብ ክጋገ ግድን'ዩ። ከም'ዚ ከማኻትኩም ዝበለ፣ ጌጋ ኣርም ወይ ተኣረም እንትብሃል ዝሕንግድ ሰብ ግን *"ዕሰል'የ ሆ ዕሰል'የ ዕሰል'የ እዚ ሒዝካ'ዶ ናብ ሰብ ይሕውሰል'የ"* እናበልካ ክጽንበል ይግብኦ።

፬ይ. ብፌደራልን ብረጅንን ደረጃታት ክተግልግሉዎ፣ ሕዝቢ ኣሚኑ ዝሃበኩም ሓላፊነታትን ስልጣንን፣ ራሕሪሕኩምዎ ከይድኩም። ሓላፊነትኩም ከየውረድኩም፣ በገዛ ሥልጣንኩም ካብ ሓላፊነት ሃዲምኩም። እዚ ንባዕሉ ብሕጊ ዘሕትት ሕዝባዊ ሕድሪ ምጥላም ማለት እዩ። ሥርዓት ዲሞክራሲ ጥሒስኩም። ኣብዝሓ ዝኣመነሉን ዝወሰኖን ውሳኔታት'ውን ኣየኽበርኩምን ማለት እዩ።

፭ይ. ኣብ መቐለ ዝተገበረ ጉባኤ፣ *መድረኽ ረጊፅኩም ክትወፁ ከለኹም፣* "ዝባን ሥዉዓት ከይትወፁ" ተባሂልኩም ብሱም ሥዉዓት ምሕፅንታን ግዝትን ወሪዱልኩም ነይሩ። ንስኻትም ግና ንቲ ምሕፅንታን ግዝትን *"ንዝባን ሥዉዓት" ኣዳዕዲዕኹም ብዘይ ስክፍታ ዓማጺቐኩም ረጊፅኩምዎ ከምዝወፃእኹም እትሕብር፣ ዘይትሕሱ ቪድዮ ኣላ*። እታ ቪድዮ "ዝባን ሥዉዓት ከይትወፁ" ክብሃል ከሎ ብቲ ምሕጽንታን ግዝትን ተሰኪፎም፣ እኒ በዓል መነ-መን ሲጋእ-መጋእ ከምዝበሉ፥ እኒ በዓል መን ክኣ ንቲ *መሥዋዕቲ ብፆቶም* ዋጋ እዝኒ ከምዘይሃቡዎ ትሕብር። እዚ ብቐንዱ'ኮ ሕድሪ ሥዉዓት ምጥላም ማለት እዩ። እወ! ነውሪ ኢኹም ገይርኩም።

እቲ ዝባን ሥዉዓት ረጊፅኩም፥ ሰብ ንዒቕኩም፥ መድረኽ ዓማጢኩም ክትወፁ ክለኹም፣ ሓደ ነገር ተዓዚብና። ሽዑ ገለ-ገለ ሰባት ሓሪቖም፥ ግን'ከ ዲሞክራሲያዊ ሥርዓት ዓጊቱዎም፤ ገለ-ገለ ሰባት ክኣ ወድብና ፈረሰት ኢሎም ፈሪሖም ከሽውን ይኽእል፣ በኽዮምን ነቢያምን እዮም።

ሽዑ'ባ ንስኻትኩም'ከ እንታይ በልኩም? ብሓቂ ደስ'ዶ ኢሉኩም? ተሓጒስኩም'ዶ? ንቲ ክቡር ሕዝብኹም፣ ንሕዝቢ ትግራይ፣ ክንዲ ዘኽበረኩምን ዘፍቀረኩምን'ስ ኣሕፊርኩምዎ፥ ፃዕዳ ደራዕ ኣድሪዕኹምዎን ኣሕዚንኩምዎን ኢኹም። በዘይሓሰቦ ዘየስተንተኖ ኩነታት በዲልኩምዎ፥ ጠሊምኩምዎ፥ ኣብኪኹምዎን ኣንቢዕኹምዎን ኢኹም። እዚ ነጠባ'ዚ ካብ ተጋደልቲ እሞ'ክኣ ካብ መራሕቲ፣ ካባኹም ዘይሕሎ፥ *"ዕሰል'የ ሆ ዕሰል'የ ዕሰል'የ እዚ ሒዝካ'ዶ ዓረና ይብሃል'የ"* ዘብል ዘስደምምን ዘሕፍርን ዓቢ ጌጋ'ዩ። ክሉ ግዳ!! ትማሊ ንስኹም፣ ሎሚ'ውን ንስኹም ኢኹም። ፓርቲ መሥሪትኩም ብሹም ዓረና እንተ መፃእኹም እንታይ ለውጢ ለኩም። የግዳ'ስ እቲ ናይ ትማሊ ኣብጽላል ህወሓት ኮይንኩም ዝገብርኩምዎ ክቡር ታሪኽ ከይረስሕ ከይባላሾ ዓቅቡዎ፤ ሓልዉዎ፣ ተኸናኸኑዎ፣ ንሱ ይሐሽኩም። ኣብ መወዳእታ፡- እወ! ሎሚ'ውን እንተኾነ ብዝባን ሓፋሽ፣ ብሹም ስዉኣት ምሕጽምታ ይብጻሕኹም፣ ከይትኸፋፍሉና ከይትገማምዩና። እዚ ቃል ሕድሪ ጀጋኑና ዘዘኻኽር፣ በደም ጀጋኑ ስዉኣት ተጋደልቲ ዝጠጥዐት ባንዴራ ትምሥክሮ ሓቂ'ዩ።

*ሓቂ መስክሪ ባንዴራ፤*



*ኣዳም እንታይ ገርዩራ?*

*ክንዲ ቀይሕ ቀለም፤*
*ናይ ብዖቱ ደም፤*
*ጠሚዑ ምስፈረመ፤*
*ቃል ኪዳን መን ጠለመ?*

*ሓቂ'ባ መስክሪ ባንዴራ፤*
*ንሕድሪ ሥዉኣት መንዕበራ?*



*ሓቂ መሥክሪ ባንዴራ፤*
*ኣዳም እንታይ ገርዩራ?*

*ብፃዖዊ ቃል ኪዳን ክኣቱ፤*
*ክንዲ ቀይሕ ቀለም ደም ብዖቱ፤*
*ጠሚዑ ዝፈረመ ብሓሙሽተ ኣፃብዕቱ፤*
*ቃል ኪዳን መን ጠለመ ንምሽቱ?*

*ኣዳም እንታይ ጌራ?*



*ሓቂ እባ መሥክሪ ባንዴራ።*

*እወ! ሕድሪ ሥዉኣት ዘክሪ፤*
*ዘይጥለም ኣለኪ ሕድሪ፤*
*ሓቂ መሥክሪ።*

*አረ መን ጠለሞ ንቲ ሥዉዕ ብዓል ስረ?*
*ፈንጂ ክፍንጅር ዝተፈንጀረ፤*
*ክንዲ ሓፋሽ ሓዊ ዝሓረረ፤*
*ክቡርቲ ሕይወቱ ዝገበረ፤*
*አረ ገና ብዙሕ ታሪኽ ኣሎ ዘይተነግረ።*

*በሊ ተሓተቲ፤*
*ውዕሎ ተጋዳላይ ሓንቲ ብሓንቲ፤*
*ዛታ ንገረ ክብርቲ ሓወልቲ።*



*<u>ዝገርም ነገር'ዩ ኮታ!</u>*
*ተዛሪበም የዛርቡኻ፤ ክንዛረብዶ'ታ?*
*ንዝባን ሥዉኣት ምሕፅንታ፤*
*ረጊፁዋ ዝሃደመ ባእታ፤*
*መልክዕ ዝሰኣነ ባህታ፤*
*ወዮ መን ድዩ'ታ?*
*ኣታ! ኣታ!*
*ታ! ታ!*
*ታ!*
⇩